

# ምኽርታት ኣብ ኣጠቓቕማ መዝሓሊትካ (FAN)



## ንኽትጸንሕ ዝሒልካ



## ከም መጻረይ ኣየር



**ምኽርታት:**

- ኣብቲ ዝወዓየ እዋን ናይ መዓልቲ፡ መሳኹትን መዓጹን መጸልመቲ ሞስኮትን ዕጸዉ። ዝሑል ኣየር ንምእታው፡ ንግሆን ለይቲን መሳኹቲ ኽፈቱ።
- ዝሑል ኣየር ካብ ደገ ንምምጻእ፡ ነታ መዝሓሊት ኣብ ጥቓ ክፉት መስኮት ወይ ማዕጾ ደው ኣብላ። እቲ ኣየር ናብቲ ክፍሊ ክነፍስ ኣለዎ።
- ውዑይ ኣየር ካብቲ ክፍሊ ንምውጻእ፡ ናይ ቅድሚት ክፋል ናይታ መዝሓሊት ናብ ክፉት መስኮት ወይ ማዕጾ ገጽካ ኣጠምቶ። እቲ ኣየር ካብቲ ክፍሊ ክወጽእ ኣለዎ።
- ውጺኢታዊ ምዝሓል ኣየር ንምርካብ፡ ኣብ ቅድሚ እታ መዝሓሊት ኣብ ሸሓኒ/ጭሔሎ ማይ በረድ ግበርሉ። እቲ በረድ ክመክኽ ከሎ ተክኣዮ ከምኡ'ውን እታ መዝሓሊት ከም ዘይትጥልቂ ግበር።
- ነታ መዝሓሊት ሓደ እኳ ኣብ ዘይትዕንቅፈሉ ቦታ ግበራ።

ክትድቅስ ከለኻ ወይ ንነዊሕ እዋን ክትወጽእ ከለኻ፡ መዝሓሊት **ኣይትጠቐም**።

እታ መዝሓሊት ብቐጥታ ናባኻ ወይ ናብ ካልእ ሰብ **ኣይተጠምታ**። መዝሓሊታት ካብ መጠን ንላዕሊ ድርቀት ከስዕባ ይኽእላ ከምኡ'ውን ናይ ምስትንፋስ ነጠብጣብ እውን ክዝርግሓ ይኽእላ።

ሙቐት ኣየር ልዕሊ 95 ዲግሪ ምስ ዝኸዉን መዝሓሊ ኣየር ኣይትጠቐሙ - ዉዑይ ኣየር ስለ ዘዉጽእ ፡ ንናይ ሙቐር ምጭንናቕ ክዉስኽ ይኽእል እዩ።

ነቲ ትሑት ዋጋ ዘውጽእ መጻረይ መዝሓሊት፡ ብኸምዚ ህነጾ፡

1. ሳጹን መዝሓሊ
2. ናይ እቶን መጻረይ (20 "x 20" ደረጃ MERV 13 ወይ FPR 10 ወይ MPR 1500-1900)
3. ናስትሮ (ናይ ቀባኢ ወይ ዳክት)

ነቲ መጻረይ ኣንጻር ዝባን እታ መዝሓሊት ብናስትሮ ኣጣብቆ። ኣብ መጻረይ ዘሎ ፍላጻታት ናብ ቅድሚት ገጽ ናይታ መዝሓሊት ክሕብሩ ኣለዎም። ነታ መዝሓሊት ወልዓያ።

**ምኽርታት:**

- 'ዝጸረየ ኣየር ክፍሊ' ንምፍጣር፡ ነታ መጻረይት ዘለዋ መዝሓሊት ኣብቲ ዝበዝሐ ግዜ እተሕልፈሉ ክፍሊ ተጠቐመላ።
- እታ መጻረይት ዘለዋ መዝሓሊት ኣብ ትጥቀመሉ እዋን፡ ንኹሉ መሳኹትን መዓጹን እቲ ክፍሊ ዕጸዎ።
- ነታ መጻረይት ዘለዋ መዝሓሊት እንተ ወሓደ ን10-15 ደቓይቕ ወልዓያ።
- ነታ መጻረይት ዘለዋ መዝሓሊት ካብ መናድቕን ዓበይቲ ነገራትን ዋላ ሓደ ሰብ ኣብ ዘይዕንቀፈሉ ቦታ ኣርሒቕካ ኣቐምጣ።
- ነቲ መጻረይ ኣብ ነፍሲወከፍ 3 ወርሒ ወይ ረሳሕ/ቡናዊ ኣብ ዝመስለሉ ግዜ ተክኣዮ።

## ክትገብሮ እትኽእል ካልእ ንጥፈታት

### ሙቐት ኣብ ዝኾነሉ እዋን

ብዙሕ ማይ ምስታይ ኣይተቋርጽ ከምኡ'ውን ምልክታት ድኻም ናይ ሙቐትን ከምኡ'ውን ናይ ሙቐት ወቕዒን ድማ ፍለጦም።

ዝሑል ኴንካ ኽትቅጽል እትኽእለሉ መገድታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ብጽሑ [Help for When it's Hot](https://multco.us/help-when-its-hot) መርበብ ሓበሬታ፡

https://multco.us/help-when-its-hot

### ኣየር ምስ ረስሐ

ነቲ ህዝባዊ ጥዕና ዚህቦ ምኽሪ ስዓቦ ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ጽሬት ኣየር ድማ መርምር ኣብ

https://oraqi.deq.state.or.us/home/map

ዝያዳ ሓበሬታ ናይ ብከላ ኣየር ንምርካብን ናይ መጻረይት ዘለዋ መዝሓሊት ቪድዮ ንምርኣይን ነዚ ብጽሑ፡

https://multco.us/wildfiresmoke